# ራእይ ዮሃንስ

## 2፡ 8 - 11

<u>ኣርእስቲ</u>፡ ትእምርቲ ማሕበር ስሚርና - ሽግር ዝጾሩ ማሕበር

ማሕበር ኤፌሶን ትእምርቲ ናይ ክርስቶሳዊ ፍቕሪ (ኣጋፐ) ኣቕሂሞም ዝጠፍኡ መለበምን መጠንቀቕታን ዝኾኑ ማሕበር እዮም። ቀጺልና ኣብ ትእምርቲ ናይ ማሕበር ስሚርና ነስተብህል። ስሚርና ምእንቲ እምነቶም ብየሱስ ክርስቶስ ግፍዕን ሽግርን ዘሕለፉ ግናኸ እተዓወቱ ኣርኣያ እዮም። መለበምን ኣርኣያን ዝኾኑ፡ ታሪኾም ኣብቲ ኣብ 100-350 ድልክ ዘሎ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ክንረኽቦ ንኽእል።

1. ማሕበር ስሚርና።

ስሚርና፡ ብዘበን ሃዋርያት፡ ማዕረ 300,000 ተቐማጠ ዝነበሩዋ፡ 40 ማይልስ (64 ኪሜ) ብሰሜን ኤፌሶን ዝነበረት፡ ክሳዕ ሎሚ ድማ ዘላ ከተማ ኢዝሚር እያ። ወንጌል ንመጀመርያ፡ ብኤፌሶን ኣቢሉ ብ56 ድልክ ኣብ ስሚርና ከም ዝኣተወ ካብ ግብሪ ሃዋርያት 18፡24-28 19፡1-20 ክንግምቶ ንኽእል። ማሕበር ስሚርና ሓደ ካብቶም ራእይ ዮሃንስ እተጻሕፈሎም ትእምርቲ እዮም (ራእ 2፡8)።

2. እቲ መልእኽቲ ናብ ማሕበር ስሚርና ካብ መን እዩ? (ራእ 2፡8ለ)

እቲ መልእኽቲ ካብ የሱስ ክርስቶስ ክነሱ፡ መንነቱ ንማሕበር ስሚርና ፍሉይ ኣተኲሮ ኣለዎ። ንማሕበር ስሚርና ንሱ፡

2.1. እቲ ቐዳማይን እቲ ዳሕራይን እዩ።

2.2. እቲ ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን እዩ።

መንነቱ ንማሕበር ስሚርና መልእኽቲ ሓዘል ትእምርቲ እዩ። ወትሩ፡ ንሓዋሩ ህልዊ፡ ንዘለኣለም ህሉዊ ማለት እዩ። ንሱ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ህላውነቶም ከም ኣመንቲ ርጉጽ ውሕስነት ዘለዎ እዩ።

ብኣንጻሩ፡ ጽባሐም ርጉጽ ዘይኮነ እቶም ሓየልና ኢሎም ከጥፍእዎም እተላዕሉ፡ መንግስትን፡ ተጻባእቲ ተቐማጦ ከተማ ስሚርናን፡ ኣይሁድን እዮም። እምበር የሱስ ክርስቶስሲ ንሞት'ውን ኣሕሚቑ ንዘለኣለም ህያው ኰይኑ ዚነብር እዩ። ማሕበር ስሚርና ድማ ንእኡ፡ ነቲ "እቲ ቐዳማይን ዳሕራይን፡ ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን" የሱስ ክርስቶስ እዮም ዘምልኹ። (ፊልጲ 1፡20-23 1ይ ቈረ 15፡12-20ን 56ን)

3. እቲ መልእኽቲ ንማሕበር ስሚርና እንታይ ነይሩ?

እቲ መልእኽቲ ንማሕበር ስሚርና፡ ካብቲ ቐዳማይን ዳሕራይን፡ ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን የሱስ ክርስቶስ፡ "እፈልጥ ኣሎኹ" እዩ። እቲ ዘወርደኩም ጸበባ ኩሉ ኣነ ዝፈልጦ ድኣ እምበር ዱባላ፡ ወይስ ልዕሊ ዓቕመይ ኰይኑ ኣይኰነን መጺኢኩም ይብሎም።

እዚ ዘደንጹ እዩ። ኩሉ ዝፈልጥን፡ ኩሉ ዓቕምን ዘለዎ ክነሱስ፡ ስለምንታይ ነዞም ኣመንቱ ዝኾኑ ማሕበር ስሚርና ብጸበባ መግፋዕቲ ይሕለፉ ፈቒዱዎ? ንኣቦና እዮብ ዘደንጸዎስ ከምዚዶ ኣይኰነን?! እዚ ምስጢር ናይ መስቀልካ ምጻር ከም ትምህርቲ ክርስቶስ እዩ።

3. እቲ እፈልጦ ኣሎኹ ዝበሎም መልእኽቲ ንማሕበር ስሚርና (ራእ 2፡9-10)

3.1. ጸበባኻን ድኽነትካን እፈልጦ ኣሎኹ፡ ግናኸ ሃብታም ኢኻ ኢሉዎም። ጸበባኦም ጸርፊ፡ ማእሰርቲ፡ ኣብ ድኽነት ዘውድቕ ምግባት፡ ምኽላእ መሰላቶም ከም ተቐማጦ ከተማ ስሚርና የጠቓልል ምንባሩ ዝሕብሩ ቃላት ንመልከቶም።

ግናኸ ሃብታም ኢኻ ይብሎም። ክሳዕ ኣብ ዘይነበሮም ድኽነት ዝወድቁ ንብረቶም እናተገበተ፡ መሰላቶም እናተገፈሰ ሃብታማት ኢኹም ዝብሎምሲ ከመይ ኢሉ እዩ? ማሕበር ስሚርና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ሃብታማት፡ ብሰላም ኣምላኽ ሃብታማት፡ ብእምነት ኣምላኽ ሃብታማት፡ ብሕብረት ድማ ኣመንቲ ነይሮም።

3.2. ማሕበር ስሚርና ጸርፊ ተሰኪሞም። ጸርፊ በቲ ጸላኢ ዝጥቀነካ መካፍኢ ስማት እዩ። ጸረ ቄሳር፡ ጸረ መንግስቲ፡ ጸረ ሃገር፡

ጸረ ሓፋሽ፣ ጸረ ባህሊ፣ ጸረ ኣማልኽቲ ተባሂሎም ይጽረፉ ነይሮም። እቲ ዝድንጹ ድማ እቶም ቀንዲ ዘካፍእዎም ዝነበሩ ኣይሁድ ናይ ከተማ ስሚርና እዮም ነይሮም። እቶም ንህያው ኣምላኽ እስራኤል ንኣምን ዝብሉ ኣይሁድሲ ምስቶም መምለኽቲ ጣኦታትን (ዙስ፣ ኣፖሎስ፣ ሲብለ፣ ኣፍራዲጦስ)፣ መምለኽቲ ቄሳርን ተቛሪኖም ነቶም ብኣምላኽ እስራኤል ዝኣምኑ ክርስትያናት ምስቓዮም እዩ። ልክዕ ከም ንጳንጤስ ሕራይ ድኣ ዝብሉ ወንጌላውያን፣ ተዋህዶ፣ ካቶሊካውያን ማለት እዩ።

ነዞም ከምዚ ገይሮም፣ ሕልናኦም ደፊኖም፣ ሓቂ ጥሒሶም፣ ንገርህታት ሰባት ዘጨንቑሎም ኣይሁድ፣ የሱስ ክርስቶስ “ማሕበር ሰይጣን” ይብሎም። እዚ ቃለ-ኣጋንኖ ኣይኰነን። ሰይጣን ኣብ ማእከሎም ዘሎ ማሕበር እዮም።

3.3. ብተወሳኺ ማሕበር ስሚርና ዝሕለፍዎ ስቓይ ከምዚ ይብል፣ “እንሆ ምእንቲ ኽትፍተኑስ ድያብሎስ ንገሌኻትኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ኺድርብዮም እዩ፣ ዓሰርተ መዓልቲውን ጸበባ ኺረኽበኩም እዩ፣ …” (ራእ 2፡10)

እዚ ማለት፣ ብምድኻን ምስናይ መግረፍቲ ተሳቕዮም። ስለምንታይ? “ምእንቲ ኽትፍተኑ፡” ማለት ንየሱስ ክርስቶስ ክሒደዮ ኣለኹ፣ ንማሕበር ክርስትያናት ገዲፈዮ ኣሎኹ ክብሉ።

ክሳዕ መኣስ እዚ ኩሉ ግፍዒ? “ዓሰርተ መዓልቲ ጸበባ ኺረኽበኩም እዩ” ኢሉ ይምልሰሎም። እቲ ዓሰርተ መዓልቲ ዚብል ሓረግ፣ ንእተወሰነ፣ ንሓዋሩ ዘይኰነ ጊዜ ኢልና ንንብቦ። እቲ ጸበባ ናይ ክርስትያናት ብትእምርቲ ስሚርና ኣብነት ኰይኑ ዘሎ ክሳዕ ዘበን ሃጸይ ዲዮክሊትያን (284-305 ድልክ)፣ ኣብ ኤውሮጳ፣ ሰሜን ኣፍሪቃ፣ ማእከላይ ምብራቕ ቀጺሉ። ድምር ናይ ሰማእታት ክርስትያናት ናይዚ ዘበን እዚ ድማ ናብ ዓሰርተ ኣሽሓት ዝግመት እዩ።

4. እንታይ እዮም ክገብሩ ማሕበር (ስሚርና? (ራእ 2፡10ሐ)

4.1. እቲ ካብ የሱስ ክርስቶስ ተዋሂቡዎም ዘሎ መምርሒ፣ “ነቲ ዝመጸካ መከራ ኣይትፍርሃዮ” እዩ። እዚ ማለት፣ ነቲ ዝወርደካ ከይተጨነቕካ፣ ከይደንጸወካ ብእምነት ተቐበሎ (መዝሙር ዳዊት 23 ሮሜ 8፡31-39)። ብርብርባ ሞት ክትሓልፍ ከሎኻ ኣምላኽ ምሳኻ ኣሎ እሞ ጽንዓትካ ምስክር ይኹን።

4.2. እተዋህቦም ተወሳኺ መምርሒ፣ “ክሳዕ ሞት እሙን ኩን” እዩ። ኣብቲ ታሪኽ ናይ ዘበን ስሚርና (100-305 ድልክ) ክሳዕ ሞት እሙናት ዝኾኑ ሰማእታት ክርስትያናት ብዓሰርተ ኣሽሓት እዩ።

4.3. እተዋህቦም ተስፋ ናይ ክሳዕ ሞት እሙናት ምኻኖም፣ “ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ” ይብል። በቲ ናይ ሽዑ ባህሊ ነቶም ኣብ ሜዳ ስፖርት ተኻፊሎም፣ ወይ ኣብ ዓውዲ ውግእ ተሰሊፎም ዝተዓወቱ ዝውሃብ ሽልማት ኣኽሊል እዩ ነይሩ። እቲ ክርስትያን ድማ ኣብ ዓውዲ ውግእ ከም እተሰለፈን ዝተዓወተን ወትሃደር ምኻኑ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ይእመኖ።

(ሀ) ንድሕሪት እሞ ጠምት እቲ ዝተጐዓዝካዮ ኩሉ፣ ተዓዊትካ ኢኻ፣ እቲ ትዕግስትኻ፣ ቃልስኻ ንኸንቱ ኣይኰነን፣ ዕላማኻ ሃሪምካ ማለት እዩ።

(ለ) ንቕድሚት እሞ ጠምት፣ ናይ ዘለኣለም ህይወት ተዳልዩልካ ኣሎ ማለት እዩ።

ይቕጽል . . . .>